# ሓድሽ ቫይረስ ኮሮና (ኮቪድ-19)

## እቲ ሓድሽ ቫይረስ ኮሮና እንታይ እዩ?

እቲ ሓድሽ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ንፈለማ እዋን ብ ታሕሳስ 2019 ዝተርኣየን ብ 12 መጋቢት ድማ ኣብ ብዙሓት ክፍልታት ዓለምን ኣብ ኩሉን ክልላት ኣሜሪካን ዝተስፋሕፍሐን ናይ ቫይረስ ዓይነት እዩ። እቲ ቫይረስ ኣብ ሙብዛሕትኡ ሰብ ቀሊል ዝብሃል ሳዕቤን ዘስዕብ ዋላኳ እንተኾነ፣ ኣ ብዕድመ ዝደፍኡን ሕሉፍ ጸገማት ጥዕና ዘለዎም ክፋላት ሕብረተሰብ ግን ከቢድ ሕማምን ከም ሕማመም ሰንበ ዝበሉ ጸገማት ጥዕናን ከስዕብ ይኽእል።

## ኮቪድ-19 ብኸመይ ይስፋሕፋሕ?

ሰብ ሞያ ጥዕና ኮቪድ-19 ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኸመይ መንገዲ ከምዝዛመት ንምፍላጥ መጽናዕቲ ኣብ ምስላጥ እዮም ዝርከቡ። ካብቶም ኣብ ቀረባ እዋን ብመጽናዕቲ ዝተበጽሖም መማሓላለፍቲ መንገድታት እቲ ሓደ በቲ ቫይረስ ዝተጠቕዐ ሰብ እንተስዕል ወይ እንተሕንጥስ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ጫማ ርሕቀት ንዘሎ በቲቫይረስ ዘይተለኸፈ ሰብ የማሓላልፍ። ካልኦት መተሓላለፍቲመንገድታት እቲ ቫይረስ ድማ:

- ኣካላዊ ምቅርራብ፣ ምንኽኻእን ኢድ ምጭብባጥን ዝመሳሰሉ
- እቲ ቫይረስ ዝዓረፎ ኣቅሓ ወይ ቦታ ብኢድካ ነኺእካ፣ ካብኡ ኣፍካ፣ ኣፍንጫኻ፣ ወይ ዓይንኻ ምሓዝ
- ብዙሕ ዘየጋጥም ግን ከማሓላልፍ ዘዝኽእል ካልእ መንገዲ ድማ እቲ ቫይረስ ዘለዎ ሰገራ ምንካእ

## ኮቪድ-19 ክንደየናይ ከቢድ ሕማም እዩ?

ካብቶም በቲ ቫይረስ ዝተለኸፉ 80% ዝኾኑ ሰባት ቀሊል ምልክት ምስተርኣዮም ካብቲ ቫይረስ ቀስ ብቀስ የግግሙ እዮም። እቶም ካልኦት፣ ብዕድመ ዝደፍኡን ሕሉፍ ጸገም ጥዕና ዘለዎምን ሰባት ድማ፣ ሕማም ሰንበ ሓዊሱ ከቢድ ምልክታት ክርኣዮም ስለዝኽእል ኣብ ሆስፒታል ኣትዮም ክትትል ጥዕና የድልዮምን ፣ ካብኡ ሓሊፉ እውን ክሞቱ ይኽእሉ።

## እቶም ዝርኣዩ ምልክታት እንታይ እንታይ እዮም?

ኮቪድ-19 ዝተረኸቦም ሰባት እቲ ቫይረስ ካብ ዝተታሓዝሉ ማዓልቲ ጀሚሩ ብንእሽተዩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ማዓልታት ወይ በዚሑ ተተባሂሉ ኣብ ውሽጢ 14 ማዓልታት ዝርኣዩ እዞም ዝስዕቡ ዝተፈላለዩ ምልክታት ከምዝተርኣይዎም ይሕብሩ:

ረስኒ 

ስዓል 

ጸገም ምትንፋስ 

## ስግኣት ኮቪድ-19 ዘለዎም ክፋላት ሕብረተሰብ መን እዮም?

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኮቪድ-19 ኣብ ኩሎም ክፋላት ሕብረተሰብ ከቢድ ጸገብ ጥዕና ከብጽሕ ይኽእል እዩ ዝብል ግምገማ ዝተሓተ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን፣ ኣብ ኣሜሪካ ቁጽሪ ብትቫይረስ ዝተተሓዘ ሰብ ውሑድ እዩ። ብዕድመ ዝደፍኡ ክፋላት ሕብረተሰብን ከም ሕማም ልቢ፣ ሕማም ሽኮር፣ ሕማም ሳምባን ካልኦት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቅምና ዝፈታተኑ ሕማማመት ዘለዎም ሰባትን ኣብ ዝልዓለ ስግኣት ዘለዉ እዮም። ብተወሳኺ ካብን ናብን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ዓለምና ዝጉዓዙ ሰባት በቲ ቫይረስ ናይ ምትሓዝ ዕድሎም ዝልዓለ እዩ። ማእኸል ምቁጽጻር ሕማም ዘውጽኦም እዋናዊ ሓበሬታታት ጉዕዞ ንምርኣይ ኣብ wwwnc.cdc.gov/travel ኣትዮም የብቡ።

## ብኮቪድ-19 ከይትሓዝ እንታይ ዓይነት ጥንቃቐታት ክገብር ይግባእ?

በብእዋኑን ብኣግባቡን ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ምሕጻብን ገጽካ ብኢድካ ዘይምንካእን ካብ ኮቪድ-19 ካልኦት ቫይረሳትን ይከላኸለልና እዩ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ https://youtu.be/d914EnpU4Fo ብምእታው ብቀሊሉ ግቡኣት ከይድታት ምሕጻብ ኢድ ምርኣይ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ሕዚ እዋን ንኮቪድ-19 ዝኸውን ክትባት ኣይተረኸበን ዘሎ። ስዓልን ካልኦት ጸገም ምትንፋስ ዘስዕቡ ሕማማትን ንምክልኻል ክትባት ብምውሳድ ዓርስኹምን ካልኦት ሰባትን ካብ ስግኣት ነጻ ምግባር ትኽእሉ ኢኹም። ኩሉ ግዜ፣ እቶም ቅድመ ጥንቃቀታ ኣካላዊ ምፍንታት ብምትግባርን ከም ቁጽርታት ሊፍት፣ መትሓዚ ማዕጾ፣ ናይ መዴያይቦ መደገፍታትን ኢድ ምጭብባጥን ዘመሳሰሉ ብተደጋጋሚ ምንኽኻእ ዘይፍለዮም ነገራ ዘይምትንካፍን ዘጠቃልሉ እዮም። ካልኦት ክግበሩ ዘለዎም ነገራት:

- ኣእዳውኩም ከይተሓጸብኩም ኣዒንትኹም፣ ኣፍንጫኹም፣ ወይ ኣፍኩምን ዘይምሓዝ
- ኣብዝሓመምኩምሉ እዋን ኣብ ገዛኹም ብምኳን ምስ ካልኦት ሰባት ዘይምርኻብ
- ኣብ እተስዕሉ ወይ ተሕንጥሽሉ እዋን ኣፍኩምን ኣፍንጫኹመን ብጨርቂ ወይ ብብርኪ ኢድኩም ምኽዳን




ማእኸል ምቅጽጻር ሕማም (CDC) ኣብ ዓለምለኻዊ ጉዕዞ ዘለዎ ስግኣት ደጋጊሙ ኣብ ምግላጽ ይርከብ። ከብ 12 መጋቢት ጀሚሩ፣ CDC ናብ ቻይና፣ ኢራን፣ ከምኡውን ኣውሮፓ ዝግበሩ ኣድለይቲ ዘይኮኑ ጉዕዞታት ደው ክብሉ ማዕዳ እናሃበ መጺኡ እዩ። ናብ ጃፓን ዝግበር ጉዕዞ ብቀንዲ ዘስግኦም ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባትን ኣቀዲሙ ተደጋጋሚ ጸገማት ጥዕናዘለዎም ሰባትን እዩ ።እዋናዊ መምርሕታት ጉዕዞ CDC ኣብ wwwnc.cdc.gov/travel ኣትዮም ይርኣዩ።

## ምልክታት እቲ ቫይረስ እንተተራእዮምኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ኮቪድ-19 ሓዊሱ ኩሎም ዓይነታት ስዓል ሓደ ዓይነት እኳ እንተዘይተባሃለ ተመሳሳሊ ምልክታታት እዩ ዘለዎም። በቲ ሕማም ተታሒዝና ወይ ንተሓዝ ኣለና ኢሎም ዝጠርጠሩ ሰባት ናብ ስራሕ ክኸዱ የብሎምን።
እቶም ውልቀ ሰባት ስዓል፣ ናይ ትንፋስ ምቁርራጽን፣ ረስንን በብእዋኑ ምክትታልን እቲ ቫይረስ ክህልዎም ስለዝኽእል እቲ ቫይረስ ምእንቲ ከይዛመት ኣካላዊ ምፍንታት ኣብ ተግባር ከውዕሉ ምግባር። እቶም ምልክታት ዝተርኣይዎም ውልቀሰባትን ምስ ኮቪድ-19 ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ርክብ ገይሮም ዝነበሩ ሰባትን ሰብ ሞያ ጥዕና ብስልኪ ደዊሎም ከዘራርቡ ይግባእ። ብዛዕባ እቶም ዝተርኣይዎም ምልክታትን ምስቲ በቲ ቫይረስ ዝተትሓዘ ሰብ ምዓዝን ብኸመይን ከምዝተራኸቡ እኹል ሓበሬታ ኣቕርቡ። እቲ ግልጋሎት ሕክምና ዝህበኩም ኣካል ኣብ ግልጋሎት ምርመራ ዝሕቡ ትካላት ከይድኩም ክትምርመሩ ወይ ኣቕርቦት ሕክምና ክህበኩም ይኽእል። ምልክታት ኮቪድ-19 ዘለዎም ወይ ምስዝተታሓዘ ኣካል ርክብ ዝገበሩ ውልቀ ሰባት ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና ከይተማኸሩ ናብ ሕክምና ወይ ናብ ናይ ህጹጽ ግልጋሎት ክፍሊ ክኸዱ የብሎምን።

## ኮቪድ-19 ብኸመይ ይሕከም?

ንኮቪድ-19 ክውዕል ተባሂሉ መረጋገጺ ተዋሂብዎ ኣብ ጥቅሚ ዝውዓለ መድሓኒት የለን። መብዛሕትኦም ቀለልቲ ምልክታት ዝተርኣዮም ሰባት ብዙሕ ፋሲ ብምውሳድ፣ ዕረፍቲ ብምግባር፣ ከምኡውን ጸረ ቃንዛን ረስንን ብምውሳድን ዝመሳሰሉ መንገድታት ቀስ እናበሉ ብባዕሎም ክንክን ክሓውዩ ይኽእሉ። ይኹነ እንበር፣ ሓደ ሓደ ሰባት ሕማም ሰንባ ክሕዞም ስለዝኽእል ናብ ሓኪም-ቤት ከይዶም ክትትል ሕክምና ክረኽቡ ይግባእ።

**ንዝበለጸ ሓበሬታ: www.health.mo.gov/coronavirus**



**24 መስመር ስልኪ: 877-435-8411**

**ዝተመሓየሸሉ 3/20/2020**